

# ንእምን ብስላሴ

## መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓዲስ ኪዳን

መም ተኪአ መብራህቱ

# መለኮትነት መንፈስ ቅዱስ

## ካልኣይ ክፋል?

ትምህርትና ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡ ከምዚ ዚስዕብ ዓይነ-ንስሪ ጌርና ክንዓምሞ ኣብ ዝሓለፈ መጽሄት "ብስራት" ዘተምባህናዮ መደብ ነይሩ፡፡

1. ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስሲ ስለ ምንታይ ክሳብ ክንድዚ ክንግደስ ይግብኣና ንዚብል ሕቶ ሽዱሽተ ነጥብታት ዝሓዘ መልስታት ብምም ልካት ተማሂርናዮ፡፡ እሞ፡ ሸለል ክንብሎን ብዛዕባኡ ኸኣ ደናቕ'ር ክንከውንን ዓቢ ወጽዓ ጥርይ ዘኰንስ በደል'ውን እዩ፡፡

2. መንፈስ ቅዱስ መን እዩ ንዚብል ሕቶ ድማ ሰብኣዊ፡ መለኮታዊ ኣካል ምዃኑ ኣተምቢህና ኔርና፡፡ ነዚ ኣብ ክልተ ከፊልና ድማ፡ ነቲ ቀዳማይ፡ ማለት ሰብኣዊነቱ ተማ ሂርናዮ፡፡

   ካብዚ ቀጺልና መጽሓፍ ቅዱስ ብዚህበና ትምህርቲ መለኮትነት መንፈስ ቅዱስ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ንዛተየሉ፡፡

### 3. መንፈስ ቅዱስ መለኮት እዩ፡፡

3.1. ኣምር መለኮትነት፡
3.2. ሓበሬታታት መለኮትነቱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡
ሀ. መለኮታዊ መጸውዒታቱ
ለ. መለከኮታዊ ባህርያቱ
ሐ. መለኮታዊ ተግባራቱ
መ. መለኮታዊ መዘናነቱ ብዚብል መምርሒ ተሊምና ንመልከቶ፡፡

መለኮት ዚብል ቃል ሕመረታዊ መንነት ወይ እንታይነት ናይ ኣምላኽ ይሕብር፡፡ መንፈስ ቅዱስ መለኮት እዩ ክንብል ከሎና ድማ ብመንነቱ ኣምላኽ ምዃኑ ኢና ነኽርር ዘሎና፡፡ ነዚ ምስቲ ኣቐዲምና ክንመሃሮ ዝጸናሕና፡ ብዛዕባ ሰብኣዊነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣቒሪንና ድማ፡ መንፈስ ቅዱስ ሰብኣዊ፡ መለኮ ታዊ ኣካል እዩ ንብል፡፡

ሕጂ ኣተኲሮና ኣብቲ መለኮትነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ክኸውን እዩ፡፡ መለኮትነት ናይ መንፈስ ቅዱስ፡ ማለት፡ ኣምላኽነቱ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብብዙሕ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ተመል ኪቱ ንረኽቦ፡፡ እምበኣር ቀጺልና፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዝህበና ሓበሬታታት መለኮትነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ብኣርባዕ ተ ነጥብታት ንርኣዮ፡፡

#### ሀ. በቲ መለኮታዊ መጸዋዒታቱ፡

ኢሳ 6፡1ን 3ን 8ን ምስ ናይ ዮሃንስ 12፡39-41፡፡ ምስ ናይ ግብ 28፡25-27 ኣቒሪንና ንርኣዮ፡፡

ነብዪ ኢሳይያስ ብዛዕባ እቲ ዝርኣዮ ራእይ ኣብ መጽሓፉ 6፡1ን 3ን 8ን ከምዚ ይብል፡፡ "... ኣነ፡ እግዚኣብሄር ኣብ በሪኽን ልዕል ዝበለን ዝፋን ተቐሚጡ ኸሎ፡ ርኤኽዎ. . . ፡፡"

ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ 12፡39-41፡ ወንጌላዊ ሉቃስ ድማ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 28፡25-27 ነቲ ተመክሮ ናይ ነብዪ ኢሳይያስ እናጠቐሱ ይዛረቡሉ፡፡ ትንቢት ኢሳይያስ፡ ወንጌል ዮሃንስ፡ ግብሪ ሃዋርያት ባዕላቶም ኣቒሪኖም ዝብልዎ ዘለዉ ንተዓዘቦ፡፡

ኢሳይያስ ዝረኣዮ ራእይን ዝሰምዖ ድምጽን ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ወልድ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዘለዉዎ ምዃኑ ንርዳእ፡፡ ኢሳይ ያስ ነቲ ዝርኣዮን ተዛሪብዎ ዝሰምዖን፡ "እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት" ይብሎ፡፡

ዮሃንስ ድማ እቲ ኢሳይያስ ዝረኣዮ እናጠቐሰ፡ የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ይገልጽ፡፡ ዮሃንስ 12፡41፡ "ኢሳይያስ ክብረቱ ርእዩ ብዛዕባኡ ምስ ተዛረበ፡ እዚ በለ፡" ይብል፡፡ ማለት እቲ ነብዪ ኢሳይያስ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ዝረኣዮ ክብሪ ናይ እግዚኣብሄር፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ክብሪ ምዃኑ ድማ ዮሃንስ የረጋግጸልና፡፡

ግብሪ ሃዋርያት 28፡25-27፡ ብኣፍ ጳውሎስ ገይሩ፡ እቲ ንነብይ ኢሳይያስ እተዛረቦ መለኮት መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ ይሕብር፡፡ ስለዚ ኣብቲ ራእይ ናይ ነብዪ ኢሳይያስ መን ነበሩ ኪብሃል ከሎ፡ ሓዲስ ኪዳን ዘረጋግጸልና ሓበሬታት እግዚኣብሄር፡ የሱስ ክርስቶስ፡ መንፈስ ቅዱስ ምንባሮም እዩ፡፡

እምበኣርሲ እቲ ካብዚ ክንድኦ እንኽእል መንፈስ ቅዱስ ሰብኣውን መለኮታውን ኣካል ምዃኑ እዩ፡፡

ነብዪ ኤርምያስ ኣብ 31፡31-34 እግዚኣብሄር ዝሃቦ ተስፋ ይምስክር፡፡ ነዚ ምስ ናይ እብራውያን 10፡15 ኣቒሪንና ንርኣዮ።

> "ድሕሪ እዘን መዓልትታት እዚኣ ተን ምስ ቤት እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳንሲ እዚ ደኣ እዩ፡ ሕገይ ኣብ ውሽጦም ከንብር ኣብ ልቦም ከኣ ክጽሕፎ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ። ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡፡... "

እዚ እግዚኣብሄር ዝሃቦ ተስፋ ናይ ብሉይ ኪዳን፡ ጸሓፊ ናይ እብራውያን ኣብ 10፡15 "መንፈስ ቅዱስ ድማ ይምስክረልና ኣሎ፡" እናበለ ኣቒሪሑ ይጠቕሶ፡፡ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝሃቦ ተስፋ፡ ከም መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብ ዘበን ሓዲስ ኪዳን ደጊሙ ዝህቦ ዘሎን ኣብ ግብሪ ዘውዕሎን ገይሩ ይዛረበሉ፡፡

ኣብ ኦሪት ዘጽኣት 16፡7-8፥ ኦሪት ዘሁልቍ 14፡21-23 ከምኡ'ውን መዝ 95፡8-11 ዘሎ ምስ እብራውያን 3፡7-11 ኣቋሪንና ንርኣዮ። ኦሪት ዘጽኣትን ኦሪት ዘሁልቍን ከምኡ ኸኣ መዝሙር ዳዊት ብሓባር ዝብልዎ ኣብ እብራውያን ብኸምዚ ዚስዕብ ብምቊራን ተጠቒሱ ንነብቦ፡፡

ሙሴን ኣሮንን ነቶም ህዝቢ እስራኤል ኣብ ኦሪት ዘጽኣት 16፡7 "... እቲ ንእግዚኣብሄር ምጕርምራምኩም ሰሚዕዎ እዩ ... በልዎም፡፡"

እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ከቢድ ምሕጽንታ ዝሀበ ዘሎ ንደቂ እስራኤል እግዚኣብሄር ምዃኑ ይሕብር፡፡ በዚ ዘበን ሓዲስ ኪዳን ድማ እቲ ከቢድ መለኮታዊ ምሕጽንታ ታሪኽ እናጠቐሰ ዚሀብ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ እዩ እናበለ ብምቊራን ይጠቕሶ፡፡ (9፡8፡፡ 10፡15፡፡ ግብ 28፡25-27 ድማ ንመልከት)

ቀጺልና ኣብ ኦሪት ዘጽኣት 33፡5፥ ትንቢት ኢሳይያስ 63፡10፥ ዘሎ ምስቲ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 7፡51 ዘሎ ኣቋሪንና ንርኣዮ፡፡

ኣብ ኦሪት ዘጽኣትን ኣብ ትንቢት ኢሳይያስን እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ተረርቲ ክሳድ፥ ዓለወኛታት እናበለ ክቑጦዖም ከሎ ነንብብ፡፡ እስጢፋኖስ ድማ፥ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ኣይሁድ፥ እቲ ምጽራር ናይ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር፥ ምጽራር ንመንፈስ ቅዱስ ከም ምዃኑ የጠንቀቕም፡፡ ይብሎም ከኣ፥

"ኣቱም ... ተረርቲ ኽሳድ ንሸኻ ትኩም ኩሉ ጊዜ ንመንፈስ ቅዱስ ትጻረሩ ኣሎኹም፡፡ ከምቲ ኣቦታትኩም ዝገበርዎ፥ ንሸኻትኩም ድማ ከምኡ ትገብሩ ኣሎኹም፡፡" (ግብሪ 7፡51)

እዚ ዘተሓላልፈልና ዘሎ መልእኽቲ ብግልጺ እቲ ምጽራር ንእግዚኣብሄር፥ ምጽራር ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝኾነ እዩ፡፡

እሞ እዚ ኣብ ላዕሊ ንጽሑፋት ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓዲስ ኪዳንን ብምቊራን ክንሕብሮ ዝጸናሕና፥ መጽሓፍ ቅዱስ፥ መንፈስ ቅዱስ መለኮት ምዃኑ የመልክተልና፡፡

እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሄር (የሆዋ)፥ እቲ ልዑል፥ ጐይታ ሰራዊት፥ ኣምላኽ ዚብል መለኮታዊ መጸውዒታት፥ መንፈስ ቅዱስ ድማ ዝልለየሉ ስማት ከም ምዃኑ እናገለጸ መለኮትነቱ ይሕብረልና፡፡

## ለ. መለኮታዊ ባህርያት፥

ባህርይ ካብ ሕመረታዊ መንነት መኒጩ ዘግህድ መለዮ እዩ፡፡ ኣብ ታሕቲ ብተኸታታሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሽዱሽተ ባህርያት መንፈስ ቅዱስ መለኮትነቱ ይምስክሩልና፡፡ እምበኣርሲ፥ መንፈስ ቅዱስ፥

ለ.1. <u>ዘለኣለማዊ እዩ</u>፡፡ ብጊዜ ዘይድረት፥ ህልውንኡ መጀመርታን መወዳእታን ዘይብሉ፥ ናይ ፍጡር ዘይኮነ፥ ናይ ፈጣሪ መለኮታዊ መለዮ እዩ፡፡ እብ 9፡14 "ናይ ዘለኣለም መንፈስ" ይብሎ፡፡

ለ.2 <u>ኣብ ኩሉ ዘሎ እዩ</u>፡፡ ፍጡር ዘበለ ኩሉ ብጊዜን ቦታን ተደሪቱ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ጊዜ ኣብ ውሱን ቦታ ክህሉ ጥራይ እዩ ዚኽእል፡፡ መንፈስ ቅዱስ ግና ብግዜን ቦታን ከይተደረተ ብሓደ እዋን ኣብ ኩሉ ቦታታትን ኪህሉ ከም ዚኽእል መዝሙር ዳዊት'ውን 139፡7-12 ይሕብረልና፡፡

ለ.3 <u>ኩሉ ይፈልጥ</u>፡፡ ፍጡር ዘበለ ብዙሕ ኪፈልጥ ይኽእል እዩ፡፡ ኩሉ ዚፈልጥ ግና ብዘይ ኣምላኽ ካልእ ሓደ እኳ የልቦን፡፡ ኣቐዲሙ ኩሉ ስለ ዚፈልጥ ከኣ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ፥ ከም ናይ መንፈስ ቅዱስ መጽሓፍ፥ ናይ ትንቢት መጽሓፍ ኰይኑ እንረኽቦ፡፡ መንፈስ ቅዱስ ኩሉ ከም ዚፈልጥ ድማ ተነጊሩና ኣሎ፡፡ (1[ይ] ቈረ 2፡10-11፡፡ ኢሳ 40፡13-14 ሮሜ 8፡26-27 ንመልከት)

ለ.4 <u>ኩሉ ይኽእል</u>፡፡ ፍጡር ዘበለ ብዙሕ ይኽእል እዩ፡፡ ኩሉ ዚኽእል ግና ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡፡ ከምኡ ኸኣ መንፈስ ቅዱስ ብመለኮታዊ ዓቕሚ ኩሉ ዚኽእል እዩ፡፡ (ሩእ 19፡6 ማቴ 12፡28 ሉቃስ 11፡20 ሚክያስ 3፡8 ከምኡ'ውን ሮሜ 15፡13-19፡፡ ንመልከት)

ለ.4 <u>ቅድስናኡ ብምልኣት እዩ</u>፡፡ ቅድስና ደረጃ ሕመረታዊ ደግነት ይሕብር፡፡ ቅድስና ናይ ፍጡር ዘበለ ጕድለት፥ ድኻም፥ ኣበር፥ ደረት ኣለዎ፡፡ ብዘይኣበር ብዘይ ጕድለት፥ ብምልኣት ፍጹም ዝኾነ ግና ቅድስና ናይ ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡፡ እዚ መለኮታዊ ቅድስና እዩ፡፡ ልክዕ ከምኡ ኸኣ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ቅድስና መለኮታዊ ምዃኑ እዩ ዚሕብረልና፡፡

ነህምያ 9፡20 ". . . ጽቡቕ መንፈስካ" ይብሎ፡፡ መዝ 51፡11 ". . . ቅዱስ መንፈስካ . . ." ይብሎ። ከምኡ ኸኣ ኢሳ 63፡10 ". . . ቅዱስ መንፈሱ . . ." ይብሎ። (ሉቃ 11፡13 ተመልከቱ)

ይቕጽል

## ሓደራ! ሓደራ! ሓደራ!

እቶም ብስራት መጽሄት ኣብ ቤትኩም ዝመጽኣኩም፥ ኣድራሻ ኽትቅይሩ ከለኹም ብዓንተቦ ንገሩና። ንዓና ዓቢ ሓገዝ እዩ። መጽሄታት ክምለስ ከሎ፥ ናይ መምለሲኡ'ውን የኽፍሉና እዮም።

ስለዚ ነዚ ዘየድሊ ክፍሊት ካብ ምኽፋል ምእንቲ ኽንድሕንሲ፥ ምትሕብባርኩም ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። እንተ ተኻኢሉ ብቴለፎን ወይ ብኢ-መይል፥ እንተ ዘይጠዓመ ኸኣ ሽርጥጥ ኣቢልኩም ክትሰዱልና ነተሓሳስበኩም። Editor@Besserat.org